# ስለምንታይ እዮም ኣፍሪቃውያን: መራሕቲ: ህዝቢ ኣፍሪቃ ክሓልፈሉ ዘይደልዩ?

ስለምንታይ ህዝቢ ኣፍሪቃ: ፍርያም መሬት ከለዎ: ብዘሕፍር ስእነትን ዕርቃንን ክሳቐ ይርከብ ኣሎ ? እቲ ብሓፈሻ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃ: ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝርኤ ዘሎ ተርእዮታት: ተመራሚርና እንተድኣ ተኻታቲልናዮ: ብዙሓት ሕቶታት ኣብ ኣእምሮና ክውሕዙና ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት:- ህዝቢ ኣፍሪቃ: ብባህርያዊ ጸጋ ዝተዓደለ ክነሱን: ፍርያም መሬትን ክቡር ማዕድንን: ዘይትን ፍሬታትን ከለዎ: ብምዕራባውያን ዜና ማዕከናት ግን: ለይትን መዓልትን: ኣብ ዘሕፍር ስእነትን ዕርቃንን ወዲቑ ከምዘሎን: ዲሞክራሲ ሓሪሙዎ: በቶም ፋሺስታውያን መራሕቱ ይሳቐ ከምዘሎን: ዝብል ፕሮፓጋንዳ ክፍኖ ስለምንታይ ንሰምዕ ዘሎና?

እቲ ዋና ጠንቂ እንታይ እዩ? ኣፍሪቃ ድኻ ኮይና ህዝባ ከይጸገበ ዝሓድር ዘሎ ብሓቂ ድዩ? ስለምንታይ ምዕራባውያን ብዛዕባ ኣፍሪቃ ተገዲሶም ለይትን ምዓልትን: ፕሮጋንዳ ይዝርግሑ ኣለውዉ? ንህዝቢ ኣፍሪቃ ብሓቂ ስለዝደንገጽሉን ክሕገዝ ስለዘደለዩዎን ድዮም? ከምኡ እንተድኣ ኮይኑ ድኣ: ስለምንታይ ብድሕሪ ኮሎንያል መግዛእቲ. እቶም ተብዓት መራሕቲ ኣፍሪቃ ተቐንጺሎምን: ብዲክታቶራት ተተኪኦምን?

እቶም ኣብ ስሳታት ማለት ድሕሪ ኮሎንያል መግዛእቲ: ንኣፍሪቃ ንምምዕባል ራእዪ ዝነበሮምን: ኣፍሪቃ ሓራ ኮይና ክትምዕብልን: ብጅግንነት ዝተቓለሱን ብውዲት ሓዲሽ ኮሎንያ መግዛእቲ ድማ ዝተኾልፉ፣ መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣዞም ዝስዕቡ እዮም።



**ጅግና መራሒ** ኮንጎ: ፓትሪክ ሉሙምባ መራሕቲ ኮሎንያል በልጁም ምስ ሰበስልጣን ሲኣይኤ:ብምትሕብባር ቀንጺሎም: ነታ ብባህርያዊ ሃብቲ ካብ ምሉእ ዓለም ዝበልጸገት ሃገር ኮንጎ: ብኩርኩር:ህጸይነት:ብፋሺስ ታዊ ገዛኢ ሞቡቲ ከምትግዛእ ገይሮማ። ካብ 1994 ክሳብ ሎሚ ካብ 4 ሚልዮን ንላዕሊ ህዝቢ ኮንጎ ብሰንኪ ሞቡቱ ሃሊቖም።ኣብ ሃገር ኮንጎ እቲ ኣብ ካልእ ክፍሊ ዓለም ዘይርከብ: Lithium ዝተባህለ ሚነራልንcell phones ዝከውን, Coltan ን DVD ፕለይ -ስተሽንን ን computers ዝኸውን: ኣብ ካልእ ሃገር ክርከብ ኣይክእል ሚነራል ዝርከባ ሃገር'ያ።ኮንጎ ካብ ምሉ ዓለም ዝሃብተመት ሃገር ክነሳ ንሃብታ ስለዝደለዩ ምዕራባውያን የሳቕዩዋ ኣለው



**ክዋሜ ንክሩማህ** ብ21.09.1909 ኣብ ጋና ተወሊዱ- ብፖለትካል ሳይንስ ቲኦሎጂን ብፍልስፍና ማስተር ኦፍ ሳይንስ ዝተመረቐ ምሁር ኣፍሪቃዊ መራሒ ኣብ ቻይና ክበጽሕ ምስከደ:ብሃጺያውያን ውዲት ወተሃደራዊ ዓመጽ ተፈጺሙሉ። ብ27.ሚያዝያ 1972 ዓ.ም. ከኣ ሞይቱ።




**ኣሚልካር ካብራል** ብ12 መስከረም 1924 ኣብ ባፉታ ጊኒ-ቢሳው ተወሊዱ። ጸረ ፋሺስታዊ መግዛእቲ ፖርቱጋል ብጅግንነት ዝተቓለሰ ብ20 ጥሪ 1973 ብርእሰማላውያን ምዕራባውያን:ተቐንጺሉ። ጊኒቢሳው ብክቡር ማዕድን ብልጽግቲ ምኳና ዝተመስከረላ ሃገርያ።



**ጠበቓ ነልሶን ማንዴላ** ፍሉጥ ጸረ ዓሌትነት መራሒ ኮንግረስ ፓርቲ ደቡብ ኣፍሪቃ:ብትብዓት:ብጅግንነትን ሰውራ (African Nationa Congress party ክመርሕ ምስ ጀመረ:ካብ 1962 ዓ.ም.በቶም ቶኺሉ ዓሌታውያ ደቡብ ኣፍሪቃ ተጨውዩ ን27 ዓመታት ኣብ ማእሰርቲ ድሕሪ ምብላይ ብ11.2.1990 ተፈቲሑ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ደቡብ ኣፍሪቃ እቲ ዝልዓለ ስለላ ብጽዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃዩ ተወኒኑ ዘሎ።



**ጆሞ ኬንያታ**
ካብ 1889 ክሳብ 1895 ዘሎ ግዜ ተወሊዱ-ብ1963ድሕሪ ኮሎንያልመግዛእቲ እቲ ብህዝቢ ኬንያ ዝተፈተፈትው ፕረሲደንት ኬንያ ተመሪጹ ክልተ ግዜ ድማብፕረሲደንትነት ሃገር ኬንያ መሪሑ። ብ 22 8.1978 ዓ.ም. ከኣ ብሕማም ልቢ ዓሪፉ።ብድሕሪ **ጆሞ ኬንያታ ኬንያ ኣራብ ሞይ ዝተባህለ ኩርኩር:ምዕራባውያን ክትግዛእ ድህሪ ምጽናሕ ሕJኢ'ውን ገና ኣይቀሰነትን ኣላ።**



**ኣፖሎ ሚልቶ ኦቦተ28.12.19**
10.10.2005
ብ28 ታሕሳስ
ኣብ ኣኮኮሮ ኣ
ተወሊዱ።ካብ
ክሳብ 1971ዓ.ም
ካብ 1980 ክሳ
1985 ፕረሲደን
ኡጋንዳ
ነይሩ።ብውዲት
ደቡብ ኣፍሪቃ
ሃጸይነትን ድማ
ብፋሺስት ኢዲ
ኣሚን ተተኪኦ
10 ጥቅምቲ 2
ሞይቱ።

እቶም መሳርሒ ሃጺያውያን ዝኾኑ መሳፍንትን ፋሺስታውያንን ኣፍሪቃውያን ገዛእቲ: ነቶም ንኣፍሪቃ ንምምዕባል ራእዪ ዝነበሮም ጀጋኑ ኣፍሪቃውያን: ኣፍሪቃ ንኸይትምዕብል ክሳብ ግዜ ሞቶም ክገዝኡ ዝጸንሑ እዚኦም'ዮም ነይሮም።



ንጉስ ሃይለስላሴ
**23.7.1892-27.8.1975**



ሞቡቱ-ሰሰ-ሰኮ
14.11.1930-7
9.97



ጃን በደል ቦካሳ
22.2.1921-
3.11.1996



ሞሃመድ ሲያድ ባረ
1919- 2.01.1995



ኢዲ ኣሚን
**17.5.1928 -16.8.2003**

እቲ ኣብ ግዜ ኮሎንያል መግዛእቲ ዝነበረ ሜላ: ኤውሮጳውያን: ካብ ኣፍሪቃ ኣንሳሒቦም ነናብ ሃገሮም ክምለሱ ከለው: ብመደብ ወከልቶም መራሕቲ ኣፍሪቃ ስለዘዳለው ጥራይ እዮም። ንኣብነት ንሚልቶን ኦብተ ካብ 1966 ክሳብ 1971 ዓ.ም መራሒ ኡጋንዳ ዝነበረ ገልቢጦም: ብኢዲ-ኣሚን ተኪኦሞ። ንጅግና መራሕ ኮንጎ: ፓትሪክ ሉሙምባ ቀንጺሎም: ብዲክታቶ ሞቡቲ ተኪኦሞ። ኣብ ሴንትራል ኣፍሪቃ ረፓብሊክ'ውን: ነቲ በላዕ-ሰብ ጃን-በደል ቦካሳ ወኪሎም ኮይኑ ብኣረሜንነት ክገዝእ ዕድል ሂቦሞ። መራሒ ኢትዮጵያ ነበር ንጉስ ሃይለስላሴ ክግልብጥ ዝፈተነ: <u>ጅግና ጀነራል መንግስቱ ንዋዩ</u> ቀንጺሎም ንጉስ ሃይለስላሴ ክሳብ ወዲ 84 ዓመት ኮይኑ ከምዝገዝእ ዕድል ሂቦሞ። ኣብ ኬንያ'ውን ድሕሪ ጅግና ጆመ ኬንያታ: ንኣራብ ሞይ ተኪኡዎ። ነቲ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃ ዝሸይድ ዝነበረ ሰውራታት ድማ: ንኣብነት ከም ብዓል ሰውራ ሞዛምቢክ: ሰውራ ጊኒ ቢሳው: ሰውራ ኣንጎላ: ስውራ ተ.ሓ.ኤን ኣብ ኤርትራ: ሰውራ ኮንጎን ኣልሚሶም: ንውሑዳት ሰውራታት ግን ነቶም መራሕቶም: ባዕሎም ስለዝመልመልዎም: ማሕበራውያን ወይ ኮሚኒስት ተመሲሎም ክቕጽሉ ብረቕቕ እናሓለውዎም ክሳብ ሕጂ ኣጽኒሖሞም። ብኸም'ዚ ሜላ'ዚ ድማ ንኹለን ሃገራት ኣፍሪቃ: ብፋሺስታውያን መራሕቲ ከምዝትክኣ ከምዝሳቐያን ገይሮም። እቲ ካብ ኩሉ ዘሰደምም ድማ: ምዕራባውያን እዞም ኣብ ክንዲ ብሓንጎሎም ብኸብዶም ዝሓስቡ: ፋሺስታውያንን ኣፍሪቃውያን መራሕቲ: መሳርሒ ኮይኖም ንህዝቢ ኣፍሪቃ ንኽጭፍጭፉ ኣፍቂዶምሎም። በዚ ረቂቕ ውዲት'ዚ ድማ ነታ ኤውሮጳውያን ቅድሚ ሚእቲ ዓመታት: ብባህርያዊ ሃብታ ዝብህጉዋ ዝነበሩ ጸጋ ዝመልኣ ገጻፍ ክፍሊ ዓለም ኣፍሪቃ: ከም ድኻን ከም ለማኒትን: ከም ዲሞክራሲ ዝሓረማን: ተቑጺራ ትርከብ ኣላ። እቲ ቀንዲ ሕልሞም ግን: ተመሊሶም ንኣፍሪቃ ክገዝኡዋን ክቈጻጸሩዋን ስለዝደልዩ እዮም።

ኣብዚ እዋንዚ: ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው: መሳፍንትን ፋሺስታውያንን ኣፍሪቃውያን ገዛእቲ: ተኪኦም። ንኣፍሪቃ ካብ ድቃሳ ኣበራቢሮም ብቕጠባ ከማዕብሉዋ: The leaders of *African Renaisence*" ተባሂሎም ዝጽውዑ ዘለው: እዞም ዝስዕቡ'ዮም። ኣዚኦምሲ ብሓቂ ድዮም ንኣፍሪቃ ከበራብርዋን: ብዲሞክራስን ብስኒትን ብሰላምን ብልጽግናን ክመርሑዋ? እዚ ሓቂ ኣንተድኣ ኮይኑስ: ነቲ ኣብ ኣፍሪቃ መዓልታዊ ዝካየድ ዘሎ: ብስለላ ጥራይ ዝተዓብለለ ፖለቲካዊ ኹነታት ምዕዛብ ጥራይ እኹል መረዳእታ'ዩ።

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| <br>ፓውል ካጋመ<br>23.10.1957ተወሊዱ።<br>ካብ 22 ሚያዝያ 2000<br>ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ<br>ንሩዋንዳ ዝገዝእ<br>ዘሎ።ኣብ ርዋንዳን<br>ብሩንድን ካብ ሓደ<br>ሚልዮን ዝኾኑ ብሕልፊ<br>ካብ ዓሌት ሁቱ<br>ዘጥፍኤ። | <br>የዎሪ ካጉታ ሙዘቪኒ<br>ኢዲ ኣሚን ካብ<br>29.01 1986 ኣብ<br>ስልጣን ዘሎ ገዛኢ<br>ኡጋንዳ። ምስ ፓኡል<br>ጋመ ተላፊኑ ንካቢላ<br>ኣብ ስልጣን ንኽመጽእ<br>ዝተሓባበረ።ብሰንኩን<br>ብፕረሲደንት<br>ፓኡውል ካጋመን ኣብ<br>ኮንጎ ካብ 4 ሚልዮን<br>ንላዕሊ ህዝቢ ኮንጎ<br>ሃሊቑ'ዩ። | <br>ኢሰያስ ኣፈወርቅ:<br>2.2.1946 ኣብ ኣስመራ<br>ኤርትራ ተወሊዱ<br>ካብ 1971 ዓ.ም.<br>መራሒ ሰውራ ካብ<br>24.5.1993 ክሳብ ሎሚ<br>ብዘይቅዋም ንኤርትራ<br>ዝገዝእ ዘሎ: ዶብ<br>ከይተሓንጸጸ ድማ<br>ምርጫ ኣብ ኤርትራ<br>ኣይግበርን'ዩ ዝብል | <br>ሮበርት ገብሪኤል<br>ሙጋበ 21.2..1924<br>ተወሊዱ ካብ 2.2.1987<br>ንዚንባቤ ዝገዝእ ዘሎን:<br>ነቲ ዲሞክራስያዊ<br>ምርጫ ክሒዱ ካብ<br>ስልጣነይ ዕጭ:ሓንፈፍኩ<br>ብምባል ገና ክሳብ ግዜ<br>ሞቱ ኣብ ስልጣን<br>ንኽነብር የኣገርግር<br>ኣሎ። ሞቡቱ ቅኑዕ<br>መራሒ ንኽምስልዩ<br>ዘታልል ዘሎ'ምበር<br>ቀንዲ ኩርኩር<br>ምዕራባውያን እዩ። | <br>ለገሰ (መለስ) ዜናዊ ብ8<br>ግንቦት 1955 ዓ.ም ኣብ<br>ዓድዋ ተወሊዱ። ካብ<br>1991 ዓ.ም. ጀሚሩ<br>ንዲክታቶር መንግስቱ<br>ሃይለማርያም ተኪኡ:<br>ንእትዮጵያ ዝመርሕ<br>ዘሎ'ዩ።ብ1995 ግዝያዊ<br>መንግስቲ ጸኒሑ ኣብ<br>ምርጫ ቀሪቡ: ቀዳማይ<br>ሚኒስተር ኢትዮጵያ:<br>እንደገና ብ2005 ደጊሙ<br>ተመሪጹ። ኣብ ዝመጽእ<br>ዘሎ ምርጫ ክቕጽል ድዩ:<br>ወይስ ኣይቅጽልን ንዝብል<br>ሕቶ ምጽባዩ ጥራይ ኣዩ። |

ብድሕሪ ኮሎንያል መግዛእቲ ማለት: ካብ 1960 ዓ.ም. ክሳብ 1990 ዓ.ም ዝሑል ኲናት ሶቭየን ኣሜሪካን ዝውዳኣ: ኣብ ኣፍሪቃ ሓድሽ-ኮሎንያሊዝም ወይ ኒዮ-ኮሎንያሊዝም ተባሂሉ ብረቂቕ ሜላ: ብዙሕ ከይከሰሩ ብሕሱር ጕልበት ኣፍሪቃውያን ማኣለያ ዘይብሉ ማዕድናትን: ባህርያዊ ሃብትን: ከም ድያሞንድ ቡን ካካኦ ሓጺን ወዘተ...እናመዝመዙ ርእሰ-ማሎም ከዳብሩ ጸኒሖም። ብሕልፊ ነተን ሃገራት ኣፍሪቃ: "ድኻታት ሳልሳይ ዓለም" ዝብል ስም ኣጠሚቖም: ብዕዳን ዕንዲዳን ካብ ድኽነት ከምዘይወጻ ገይሮመን ድሕሪ ምጽናሕ: ድሕሪ 1990 ዓ.ም ግን ፖለቲካ ዓለም ኣዝዩ ብዝተራቐቐ ሚላን ውዲትን ካልእ መልክዕ ከምዝሕዝ ገይሮሞ። ኣብ መዋእል እዚኦም መራሕቲ'ዚኦም: ብሕልፊ ብድሕሪ ምብቃዕ ዝሑል ኲናትን: ምውዳቕ ሶቬት ሕብረትን: ዘመን ዘምጽኦ ዓለም-ለኸ ፍልስፍናን: (ግሎባላይዜሽን) ክነግስ ተራእዩ። ንኣብነት ንኣብነት ኣብ ኮንጎ ኣብ ጁቡቲ: ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ: ኣብ ዳርፉር: ኣብ ሶማልን ኣብ ከባቢ ምዕራብ ኣፍሪቃን: በብግዜኡ "ዓቀብቲ-ሰላም" ብዝብል ጕልባብ ወተሃደራት ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኣፍሪቃ መዓስከሮም ከጣጥሑ ይርኣዩ ኣለው። ስለምንታይ? ምዕራባውያን ብሓቂ ንህዝቢ ኣፍሪቃ ስለዝሓሰቡሉ ድዮም? ብፍላይ ኲናት ኣብ ሶማል: ኲናት ኣብ ዳርፉር (ሱዳን): ኲናት ኣብ ጫድ: ኲናት ኣብ ሩዋንዳን ብሩንድን: ዶባዊ ኲናት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን። ብሓቂ ንረብሓ ህዝብታት እዘን ሃገራት'ዚኤ ድዩ እዚ ኩሉ ወፍሪ'ዚ? እቲ ዝርኤ ዘሎ ወፍሪ: ውሑዳት ርእሰማላውያን ማዕድንን ዘይትን ንምውናን ዝግበር ዘሎ ቅድድም ድዩ? ወይስ ብሓቂ ንረብሓ ህዝቢ ኣፍሪቃ እዩ? ረዲኤት ንኣፍሪቃ እናተባህለ: ብምዕራባውያን "ግብረሰናይ" ዝግበር ዘሎ ወፈራታትስ: ብሓቂ ንህዝቢ ኣፍሪቃ ካብ ጥሜትን

ዕርቃንን ጽምእን: ስእነትን ዲሞክራስን ንምድሓን ድዩ? ስለምንታይ ኣፍሪቃውያን: መራሕቲ: ህዝቢ ኣፍሪቃ ክሓልፈሉ ዘይደልዩ ዘለው እምብኣር: ብዕሽነቶም ብረቒቕ ሜላ ሃጺያውያ ተረኪሶም: ካብ ህዝቦም ነቲ ጽባሕ ንግሆ ገዲፎሞ ዝሞቱ ገንዘብ ስለዝመረጹ እዮም። ካብቲ ምስ ሃጸይነት ዝገበሩዎ ውዕል ምዕይ እንተድኣ ኢሎም ድማ: በቶም ቶኺሉ ግሎባል-ፕለየርስ ክቕንጸሉ ከምዝኽእሉ ስለዝርዓዱ እዮም።

ጉጅለ ደቀባ ክፍሊ መጽናዕትን ምርምርን
27.06.2008 ዓ.ም

ይ ቕ ጽ ል